**ብዛዕባ ቲ.ፒ.ኤስ. (TPS) ሓፈሻዊ መግለጺ**

**ናይ ቲ.ፒ.ኤስ. (TPS) መበቆል፡**

ቲ.ፒ.ኤስ. (TPS) ብዲፓርትመንት ኦፍ ሆምላንድ ሴኪዩሪቲ (DHS) ዝወሃብ ናይ ሰብኣዊ ድሕንነት ሓለዋ ማለትም ናብ ትውልዲ ሃገሮም እንተተመሊሶም ናይ ደሕንነት ሓደጋ ከጋጥሞም ንዝኽእል ስደተኛታት ብግዴታ ናብ ሃገሮም ናይ ምምላስ ልሙድ ዝኾነ አሰራርሓ ንግዚኡ ዘውግድ እዩ። እዚ ከለላ ድማ ሰባት ብሰንኪ አብ ሃገሮም ዝካሄድ ዘሎ ብረታዊ ቃልሲ፣ ብዘጋጠመ ተፈጥሮኣዊ ሓደጋታት፣ ወይ ካልእ ከቢድን ግዝያውን ፀገማት ናብ ሃገሮም እንተተመሊሶም ንዘጋጥሞም ናይ ደሕንነት ሓደጋ ብምግንዛብ ብኮንግረስ ዝወጸ ሓለዋ ወይድማ ድንጋገ እዩ። ሓንቲ ሃገር ካብዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሱ ፀገማት ሓዲኡ ከጋጥማ ከሎ እታ ሃገር አብ ቲ.ፒ.ኤስ. (TPS) ክትካተት ትኽእል ።ናይ ማሕበራዊን ሰብኣውን መሰላት አነቃቃሕቲ ግለሰባት ወይም ቡድናት ጉትጎታን ጸቕጢን ንዲፓርትመንት ኦፍ ሆምላንድ ሴኪዩሪቲ (DHS) ንሓንቲ ሃገር ንቲ.ፒ.ኤስ. (TPS) ክትምደብ ይጠቕም እዩ።

**ናይ ቲ.ፒ.ኤስ. (TPS) ረብሓታት፡**

ዋላ እንኳ ግዝያዊ እንተኾነ ናይ ቲ.ፒ.ኤስ. (TPS) ከለላ (ወሓስ)  እስካብ ዝውዳአሉ ጊዜ ሰባት ካብ አሜሪካ ከይተሰጎግካ ብሕጋዊ መንገዲ ናይ ምንባር ፍቓድን ናይ ስራሕ ምስራሕ ፈቓድ መሰል ይህብ። ናይ ቲ.ፒ.ኤስ. (TPS) ተጠቃሚ ንምዃን እቲ ቀዳማይ መስፈርቲ ካብ ዲፓርትመንት ኦፍ ሆምላንድ ሴኪዩሪቲ (DHS)  ዝተጠቐሰሉ ጊዜ ገደብ አቐዲሙ ኣብ ኣሜሪካ ከም ትነብር ከም ዘለኻን ምርግጋጽ እዩ።  እቲ ሓለዋ ክሳብ 18 ኣዋርሕ ክጸንሕ ዝኽእል ኮይኑ ፤ድሕሪኡ ድማ ዲፓርትመንት ኦፍ ሆምላንድ ሴኪዩሪቲ (DHS) ነባራዊ ኩነታት እታ ሃገር ብምግምጋም ነቲ ሓለዋ  ከናውሖን፣ ከስፍሖን ወይ ድማ ከቋርጾ ይኽእል።

**ንቲ.ፒ.ሴስ. (TPS)** ምንዋሕ፡ እቲ ቤት ፅሕፈት ነቲ ሓለዋ (ዋሕስ) ምስ አናውሖ ቅድሚ ሕዚ ተመዝጊቦም ዝነበሩ ሰባት ዳግም ብምምዝጋብ ነቲ ሓለዋ ክቕፅሉ ይኽእሉ።  እቲ ናይ ጊዜ ገደብ ክናዋሕ ከሎ እቲ ቤት ጽሕፈት ክሳብ መዓስ ከም ዘናውሖ ይገልፅ። እቲ ናይ ጊዜ ገደብ ን6 ወርሒ፣ 12 ኣዋርሕ፣ ወይ ክሳብ 18 ኣዋርሕ ከናውሕ ይኽእል።

**ንቲ.ፒ.ሴስ. (TPS)** ምሕዳስ፡ ሓደ ሓደ ግዜ እቲ ቤት ጽሕፈት ቅድሚ ሕዚ ንሃገራት ዝሃቦ ናይ ቲ.ፒ.ኤስ. (TPS) ስያመ ክሕድሶ ይኽእል። እቲ ቲ.ፒ.ኤስ. (TPS) ክሕደስ ከሎ  ሓዲሽ ቀነ ገደብውን የቐምጥ። በቲ ሓዲሽ ዝተናውሔ ቀነ ገደብ መሰረት ብምግባር ሓደሽቲ አመልከቲ እውን ካብቲ ዕድል ተጠቀምቲ ክኾኑ ይኽእሉ።

**ንቲ.ፒ.ኤስ. (TPS)** ምቁራጽ፡ እቲ ናይ ቲ.ፒ.ኤስ. (TPS) መወድኢ ቀነ ገደብ 60 መዓልታት ክተርፎ ከሎ እቲ ቤት ጽሕፈት አብቲ ሃገር ዘሎ ወቕታዊ ኩነታታት ብድጋሚ ይግምግም። ማለትም አብቲ ሃገር ዘሎ ወቕታዊ ኩነታታት ነቲ ብዲፓርትመንት ኦፍ ሆምላንድ ሴኪዩሪቲ (DHS) ዝተቅመጠ መስፈርት ከምዘማልእ ወይም እቶም ስደተኛታት ናብ ዓዶም ተመሊሶም ናይ ደሕንነት ሓደጋ ከጋጥሞም ከምዝክእልን ይግምግም። በቲ ገምጋም መሰረት እቲ ቤት ፅሕፈት ናይ ቲ.ፒ.ኤስ. (TPS) ሓለዋ ምቕጻል ኣድላይ እዩ ኢሉ እንተዘይኣሚኑ ነቲ ሓለዋ ከቋርጾ ይኽእል።

- **እቲ ሓለዋ (ስያሜ) ምስ ተቛረጸ እንታይ ይኸውን?** እቲ ሓለዋ (ስያሜ) ዝውድኣሉ መዓልቲ እናተቓረበ ምስ ከደ፤ ዲፓርትመንት ኦፍ ሆምላንድ ሴኪዩሪቲ (DHS) ነቲ ሓለዋ ተጠቀምቲ እቲ ናይ ሓለዋ ግዜ ዝውዳአሉ ጊዜ ይቐርብ ከምዘሎን ቅድሚ ምውዳኡ ሓደሓደ ምድላዋት ንክገብሩ የዘኻኽሮም። እዚ ድማ ካልእ ሕጋዊ መንበሪ ፍቓድ ንምርካብ ምምችቻው፣ ናብ መበቆል ሃገሮም ክምለሱ መደብ ምግባር፣ ናብ ካልእ ሃገር ምኻድ ወይ ድማ ማሕበራዊ ወይ ሰብኣዊ አነቃቅሒ ጉጅለታት ውሽጢ ብምውዳብ ቋሚ ሓለዋ ወይ ካልእ ተመሳሳሊ ሓለዋ ንምርካብ ምፅዓር የጠቓልል።

ቓሚ ሓለዋ ንምርካብ ዝግበር እንቅስቃሰታት፡

AFRICAN COMMUNITIES TOGETHER

TPS-DED AAC

ኣብ ኣሜሪካ ልዕሊ 100 ብውልቂ ይኹን ብሓባር ዝሰርሑ ትካላት ብቲ.ፒ.ኤስ. (TPS) ከለላ ንዘለዎ ሰብ ቓሚ ዕቓር ንኽወሃቦ ይሰርሑ። እዞም ትካላት ንዋይት ሃውስ፣ ንዲፓርትመንት ኦፍ ሆምላንድ ሴኪዩሪቲ (DHS)፣ ንዲፓርትመንት ኦፍ ስቴት፣ ከምኡ'ውን ንካብ ስቴትን ካብ ከካባቢ ንዝተመረጹ  ሰበስልጣናት ግንዛበ የትሕዙ ወይም ይቕስቕሱ። ምንም እንኳዕ ቀንዲ ዕላምኦም ንስደተኛታት ቓሚ ሓለዋ (ዕቓር ) ምሃብ ዋላ እኳነተ ኾነ፤ ንስደተኛታት ከም ሴፍቲኔት ደሕንነት ምእንታን ክኸውን ናይ ቲ.ፒ.ኤስ. (TPS) ከለላ ተበጻሕነት ንክስፋሕፋሕ ምስራሕ እዩ።

ኣብዚ ሕዚ እዋን ናይ ቲ.ፒ.ኤስ. **(TPS)** ስያመ **(**ሓለዋ**)** ዘለን ሃገራት**:**

ኣብዚ እዋን ንቲ.ፒ.ሴስ. (TPS) ዝተመደባ ሃገራት ደቡብ ሱዳን፣ ሶማልያ፣ የመን፣ ካሜሩን፣ ኣፍጋኒስታን፣ ዩክሬን፣ ሶርያ፣ ቬንዙዌላ፣ በርማ፣ ኤል ሳልቫዶር፣ ሆንዱራስ፣ ኒካራጓ፣ ኔፓል፣ ሃይቲ፣ ሱዳን፣ ኢትዮጵያን ይርከብአን። ብሓፈሻ ናይ ቲ.ፒ.ኤስ. (TPS) ሓለዋ ተጠቀምቲ  500,000  ከምዝኾኑ እንትግመት፤ ኣብዚ ሕዚ እዋን ድማ ተወሳኺ 30,000 ኢትዮጵያውያን እቲ ኣብ ብቀረባ እዋን ብዝተውሃበ ውሳነ ሓለዋ መሰረት ብቑዓት ኮይኖም ይርከቡ።

---

TPS-DED AAC ኣብ መላእ ሃገር ዝርከባ ልዕሊ 100 ናይ TPS ሕግን ፖሊሲን ፈላጣት ዝኾኑ ትካላት ዝሓቖፈ ጥምረት እዩ። እተን ትካላት ኣብ ኣሜሪካ ውሽጢ ንዝነብሩ ስደተኛታት ብቀጥታ ካብዘገልግሉ ኣካባቢ ማሕበራት ጀሚሩ እስካብ ብቲ.ፒ.ኤስ. ኣብ ዝተካተታ ዓድታት ውሽጢ ዝሰርሑን ናይተን ዓድታት ውሽጣዊ ሓበሬታ ክህቡ ዝኽእሉ ዓለም ኣቀፋዊ ዘይመንግስታውያን ትካላትትካላት ዘካተተ እዩ።

ኣድራሻ ፡ admin@masade.com